## ህልዊ ዓለማዊ ኩነታት፡ ንኩነታት ዝሑል ኲናት ብዘዥኹር መልክዑ

## ኣሉታዊ ምዕባለታት የርኢ ከም ዘሎ ተሓቢሩ

ካብ 10 ክሳብ 13 ጥሪ 2017 ኣብ ዘሎ ግዝያት መበል 14 ስሩዕ ኣኼባኡ ዘሰላሰለ ፈጻሚ ኣካል ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ንህልዊ ዓለማዊ ኩነታት ኣመልኪቱ ኣብ ዝተመያየጠሉ፡ ዓለምና ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ብዘይካ'ቶም ብስም ምስልምና እናሸቀጡ ዝሕምስዋ ዘለው ሽበራውያን ምንቅስቓሳት፡ ኣብ መንጎ ናይ ዓለምና ተነሓናሕቲ ሓያላን ሃገራት ዝረአ ዘሎ ውድድር፡ ንዝተሰገረ መድረኽ ዝሑል ኲናት ዘዥኹር ኣሉታዊ ምዕባሌታት ተወጢ ራ ከም እትርከብ ኣረዲኡ።

ፈጻሚ ኣካል ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ካብ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ ከይወጸ፡ ዓለማውያን ርእሰ ሓያላን ኮነ ፍንሕንሕ ኣብ ምባል ዝርከቡ ዞባውያን ሓይልታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ክሳብ ቀጥታዊ ምትእትታው እናገበራ ሓድሽ ሽርክና ብምፍጣር፡ ነቲ ብውጹዓት ህዝብታት ዝለዓል ፍትሓዊ ሕቶ፡ ናብ ረብሓኦም ዝውዕለሉ ባይታ ብምፍጣር ዘርእይዎ ዘለው ምንቅስቓሳት ኣዝዩ ዘሻቕል'ዩ ኢሉ።

## ኤርትራ ካብ 2015 ንነጀው ቀጥታ ተጠቃዒት

## ናይ'ቲ ብኤል ኒኖ ዝፍለጥ ምዝባዕ ኣየር ኮይና ምጽናሐ ተገሊጹ።

ኤርትራ ካብ 2015 ንነጀው በቲ ኤል ኒኖ ዝተባህለ ተርእዮ ምዝባዕ ኣየር ቀጥታ ካብ ዝተጠቕዓ ሃገራት ሓንቲ ከም ዝኾነት፡ በዚ ሓደጋ'ዚ ህዝቢ እታ ሃገር ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ኣዴታትን ህጻናትን ከም ዝተጠቕዑን ትካል ህጻናት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብ9 ጥሪ 2017 ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ ኣረጋጊጹ።

ኤልኒኖ ብዝፈጠሮ ምዝባዕ ነቲ ዝነበረ ሽግር መሊሱ ብምግዳድ፡ 80% ካብ እትዋት ሕርሻን ጉስነትን ዝርከብ ቁጠባ እታ ሃገር ኣዝዩ ከም ዝሃሰዮ፡ ስለዚ ከኣ ሕጽረት መዓዛዊ መግቢ ስለ ዘጋጠመ ብሕልፊ ኣብ ትሕቲ 5 ዓመት ዕድመ ዝርከቡ ህጻናት ሕማም ሽሮኽን ካልእን ብሰፊሑ ከም ዝተራእየ ይሕብር።

ኣብ ኤርትራ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት ከቢድ ሕጽረት መግቢ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምርካብ'ውን ከቢድ ብምዃኑ ኩነታት ጥዕና ዜጋታት እሻቓሊ ካብ ዝገብርዎ ሓደ ከም ዝኾነ፡ እዚ ስኽፍታን ሓደጋን እዚ ሕጂ ኣሎ ንቕድሚት'ውን ናይ ምቕጻሉ ዕድል ሰፊሕ ምዃኑን ኣስሚርሉ።

ጸብጻብ ትካል ህጻናት ኣድሕን ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ህጹጽ ናይ መግብን ተዛመድቲ ነገራት ዘድልዮም ኤርትራውያን ዜጋታት 2 ሚሊዮን ከምዝበጽሕ፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ኣብ ከቢድ ሓደጋ ወዲቆም ዝርከቡ ህጻናት ድማ 1,2 ሚሊዮን ምዃኑን የረድእ።

ኣብ መወዳእታ ዜና ዓረፍቲ፡

## ገዲም ተቓላሳይ ዶ/ር ሃብተ ተስፋ-ማርያም ድሕሪ ነዊሕ ሕማም ብ13 ጥሪ 2017 ተሰዊኡ።

ኣቦ-መንበር ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ገዲም ተቓላሳይ ሃገራዊ ሓርበኛ ዶ/ር ሃብተ ተስፋ ማርያም ብዝሓደሮ ሕማም ኣብ ሕክምና ክእለ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ13 ጥሪ 2017 ከም ዝተሰአ ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብ13 ጥሪ 2017 ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ መሪር ሓዘን ሓቢሩ።

ስውእ ዶ/ር ሃብተ ተስፋ ማርያም ካብ ቅድሚ ናጽነት ኣትሒዙ ንመሰልን ረብሓን ህብዝታት ኤርትራ ክብል ብዘይዕረፍቲ ኣብ ቃልሲ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክነጥፍ ዝጸንሐ ውሩይ ተቓላሳይ'ዩ።

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ብመስዋእቲ ገዲም ተቓላሳይ ዶ/ር ሃብተ ተስፋ ማርያም ዝተሰመየ ሓዘን ብምግላጽ፡ ንስውእ ብጻይ መንግስተ ሰማይ፡ ንስድራ ቤቱ፡ ናይ ቃልሲ ብጾትን ፈተውቱን ድማ ጽንዓት ይሃብኩም ይብል።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 16-01-2017